ምኽንሻብ/ምግራዝ ደቂ ኣንስትዮ (FMG/C) ማለት ደጋዊ ክፋል ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ብዘይ ሕክምናዊ ምኽንያት ብኽፋል ወይ ሙሉእ ብሙሉእ ምቑራፅ ወይከኣ ጉድኣት ምስዓብ ሓዊሱ ዝፍፀሙ ተግባር ማለት እዩ። ኣብ ሓደ ሓደ ክፋላት ዓለም ምግራዝ ጓል ኣንስተይቲ ይብልዎ። እዚ ልማዳዊ ተግባር ጥዕናዊ ረብሓ የብሉን። ንግዘያዊን ዘላቕን ኣካላዊን ስነ ኣእምሮኣዊን ፀገም ግን ከሳጥሕ ይኽእል።

## ጥዕናዊ ሳዕቤናት ምኽንሻብ/ምግራዝ ደቂ ኣንስትዮ (FMG/C) እንታይ እዮም?

ቀጥታዊ ሓደጋታት እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ከቢድ ቃንዛ
- ብዙሕ ደም ምፍሳስ
- ሕበጥ ኣብ ብልዕቲ
- ረስኒ
- ረኽሲታት ንኣብነት ቲታነስ
- ፀገማት ሽንቲ
- ቁስሊ ዘይምሕዋይ ጸገማት
- ቁስላት ኣብ ኣካላት ብልዕቲ
- ሃለፍታ
- ሞት

ዘላቒ ሕልኽላኻት እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ፀገማት ሽንቲ (ቃንዛ ኣብ እዋን ሽንቲ፣ ረኽሲ ኣብ ኣካላት ሽንቲ)
- ፀገም ኣብ ብልዕቲ ጓለንስተይቲ (ፈሳሲ ምውፃእ፣ ምሕኻኽ፣ ባክተሪያ ረኽሲ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምፍጣርን ካልኦት ረኽሲታትን)
- ፀገም ወርሓዊ ፅግያ (ቃንዛ ኣብ ወቕቲ ወርሓዊ ፅግያ፣ ፈሳሲ ወርሓዊ ፅግያ ክወርድ ዘይምኽኣል ወዘተ)
- በሰላን ኣብ በሰላ/ቁስሊ ዝፍጠሩ እኩባት ዋህዮታት (ኪሎይድ)
- ፀገማትፆታዊ ርክብ (ኣብ እዋን ርክብ ቃንዛ፣ ዕግበት ምስኣን ወዘተ)
- ኣብ እዋን ወሊድ ንዘጋጥሙ ሕልኽላኻት ናይ ምቕላዕ ሓደጋ ምውሳኽ (ሕርሲ ምዝንጋዕ፣ ልዑል መጠን መድመይቲ፣ ብመጥባሕቲ ምውላድ፣ ነቲ ዕሸል ናይ ምስትንፋስ ሓገዝ ምግባር ኣድላይነት፣ ወዘተ) ከምኡ እውን ሞት ዕሸላት የጋጥም
- ንሓዋሩ ንመጥባሕቲ ምቕላዕ
- ስነ ኣእምሮኣዊ ፀገማት (ሕማም ከቢድ ጭንቀት፣ ጭንቀት፣ ድሕረ- ሓደጋ ዝፍጠር ፀገም ጭንቀት፣ ትሑት ዓርሰ እምነት ወዘተ)

**ኣብ ጉዳይ ጥዕናዊ ሳዕቤናት FMG/C ደቂ ኣንስትዮ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ውድብ ጥዕና ዓለም https://www.who.int/news-room/fact-sheet/detail/femalegenital-mutilation**

## ናብ ተሓላቒ ሃገራዊ ግህሰት መሰል ህፃናት Childhelp 800-4-A-CHILD (800-422-4453 ብምድዋል ተወሳኺ ሓገዝ ክትረኽባ ትኽእላ፡ ብፍላይ

- FMG/C ኣንፀላልዩኒ ኢልኪ እንተኣሚንኪ
- FMG/C እንተኣጋጢሙኪ
- ብዛዕባ FMG/C ሕቶታት እንተልዩኪ
- ኣብ ኣሜሪካ ተግባር FMG/C ዝፍፀም ሰብ ምህላዉ እንተሰሚዕኪ ወይከኣ
- ዝኾነ ሰብ ኣብ ኣሜሪካ ይኹን ካልእ ዓዲ ኣብ ስግኣት ሓደጋ FMG/C ምህላው እንተፈሊጥኪ

**ተግባር FMG/C እንተደኣ ተፈፂሙኪ ወይከኣ ስግኣት ተግባር FMG/C እንተዳኣ ኣሎኪ ተረባሒት ጥቕማጥቕሚ ስደተኛታት ግዳያት ገበን ክትኮኒ ትኽእልሉ ዕድል ኣሎ።**

ንተወሳኺ ሓበሬታ መርበብ ሓበሬታና
**uscis.gov/humanitarian/female- genital-mutilation-or-cutting-fgmc**

U.S. Citizenship and Immigration Services



# ምኽንሻብ/ ምግራዝ ደቂ ኣንስቲዮ (FGM/C)

U.S. Citizenship and Immigration Services

M-1169

## ተግባር FGM/C እንተዳኣ ተፈፂሙኪ፡

- ናትኪ ጌጋ ኣይኮነን
- በቲ ተግባር እቲ ዝጠሓስክዮ ዋላ ሓደ ሕጊ ኣሜሪካ የለን
- ናብ ኣሜሪካ መገሻ ንኽይትገብሪ ወይ ከኣ ካብ መንግስቲ ኣሜሪካ ተረባሒት ጥቕማጥቕሚ ስደተኛታት ንከይትኾኒ ኣሉታዊ ፅልዋ ኣየሕድረልክን

ብማእኸል ምቁፅፃርን ምክልኻልን ሕማማት ክፍሊ ጥዕና ወሊድ (CDC) ዝተገብረ መፅናዕቲ ከምዝሕብሮ ኣብ ኣሜሪካ ኣስታት

**500,000**

ኣዋልድን ደቂ ኣንስትዮን ተግባር FGM/C ዝተፈፀመንን ሓደጋ FGM/C ዘንፀላለወን ከምዝኾናን እዩ።

.........................................

FGM/C ልሙድ ኣብ ዝኾነለን

**30** ሃገራት ኣፍሪካ፣ ማእኸላይ ምብራቕን

ኤሽያን ኣብዚ ሕጂ እዋን ልዕሊ **200**

ሚልዮን ኣዋልድን ደቂ ኣንስትዮን ዝተኸንሸባ እየን።

.........................................

በቲ ሕጂ ዘለዎ ናህሪ እንተቐፂሉ ኣብ 2030 በቢዓመቱ

**4.6** ሚልዮን ኣዋልድ ስግኣት ሓደጋ FGM ዘንፀላለወን ኮኾና እየን።

## መንግስቲ ኣሜሪካ ተግባር FGM/C ምኽንሻብ ይኹንን።

ዓይነቱ፣ መጠኑ፣ ክብደቱ ከንዲ ድላዩ ይኹን፣ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ይበገስ፣ መንግስቲ ኣሜሪካ ተግባር FGM/C ኣጥቢቑ ይኹንን። መንግስቲ ኣሜረካ ተግባር FGM/C መበገሲኡ ባህላዊ እምነትን ዓበይቲ ዓዲን ምዃኖም ይኣምን። ይኹን እምበር መንግስቲ ኣሜረካ እቲ ተግባር FGM/C ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል፣ ኣካል ፆታዊ መጥቃዕትን ጥሕሰት መሰል ህፃናትን ገይሩ እዩ ዝቖፅሮ። .

## መንግስቲ ኣሜሪካ ተግባር FGM/C ንኽብቅዕ ይተግህ

መንግስቲ ኣሜሪካ ተግባር FGM/C ከብቅዕ ምግባር ኣካል ተግባር ሓለዋ ጥዕናን ድሕንነትን ደቂ ኣንስትዩን ኣዋልድን ከምኡ እውን መበረኺ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ከምዝኾነ ገይሩ ይተግህ። መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ኣሜሪካ ይኹን ካልኦት ሃገራት ዘላቒ ሳዕቤን ተግባር FGM/C ንሰባት ኣብ ምምሃር ኣበርቲዑ ይሰርሕ።



## ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ትሕቲ 18 ዝዕድሜኦን ተግባር FGM/C ንምፍፃም ምሕላን ወይከኣ ኣብ ውሽጢ ኣሜሪካ ይኹን ካብ ኣሜሪካ ናብ ካልእ ከባቢ ወሲድካ ተግባር FGM/C ምፍፃም ኣንፃር ሕጊ ኣሜሪካ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ወለዲ ይኹኑ ሓብሒብቲ ተግባር FGM/C ንኽፍፀም ፍቓድ ዝሃቡ ወይከኣ ኩነታት ዘተዓራረዩ ሰባት ኣንፃር ሕጊ ኣሜሪካ ተዋሳእቲ እዮም።

ጥሕሰት ሕጊ ድማ ክሳብ 10 ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ፣ መቕጻዕትታት ወየከኣ ንክልቲኡ ። ብምኽንያት ባህሊ ወይ ልምዲ ተግባር FGM/C ንምፍፃም ዝፍቀደሉ ዋላ ሓደ ኣገባብ የለን። ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኦን ኣዋልድ ኣብ ብልዕተን ጉድኣት ዘብፅሕ ተግባር ምግራዝ ምፍፃም ብሕጊ ኣሜሪካ ክልኩል እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ጓል 18ን ልዕሊኡን ዝኾነት ብዘይ ናታ ፍቓድ ተግባር FGM/C ምፍፃም ብሕጊ እታ ሃገር ንቕፅዓት ገበን ዘሳጥሕ እዩ።

## ሕጊ ጥሒስካ ተግባራት FGM/C መፍፃም ኣብ ጉዳይ መገሻ ሳዕቤን ዘምፅእ እዩ።

ተግባር FGM/C ምፍፃም ወይ ምትሕብባር (ዋላ መዝገብ ወንጀል ኣይሃልኻ) ኣብ ጉዳይ ከይዲ መገሻ ሳዕቤን ዘስዕብ፣ እቲ ተኸሳሲ ጉዳይ መገሻኡ ተቐባልነት እስካብ ምስኣን ወይከኣ ካብ ኣሜሪካ እስካብ ምብራር ዝበፅሕ ፤ ከምኡ እውን ካብ ረብሓታት ስደተኛታት ምስኣን ክቕፃዕ ይኽእል።

## ምናልባሽ፡

- ስግኣት FGM/C ኣሎኒ ኢልኪ እነተኣሚንኪ
- FGM/C እንተተፈፂሙኪ
- ብዛዕባ FGM/C ሕቶታት እንተሃሊዩኪ
- ኣብ ኣሜሪካ ኮይኑ ተግባር FGM/C ብዛዕባ ዝፍፅም ሰብ ሕቶ እንተሃልዩኪ ወይከኣ
- ዝኾነ ሰብ ኣብ ኣሜሪካ ይኹን ካልእ ዓዲ ኣብ ስግኣት ሓደጋ FGM/C ምህላው እንተፈሊጥኪ

## ንሓበሬታ ወይከኣ ንሓገዝ በዚ ክትረኽብና ፈትኒ፡

- ናብ ተሓላቒ ሃገራዊ ግህሰት መሰል ህፃናት Childhelp 800-4-A-CHILD (800-422-4453
- ጥምረት ምብቃዕ ተግባር FGM/C ኣሜሪካ፡ endfgmnetwork.org